ማሕበረኮም ኤርትራውያን Eritrean Community Center

ሂውስቶን ቴክሳስ Houston, Texas

ሰንበት, ጥቅምቲ 13, 2013

ማሕበረኮም ኤርትራውያን ሂውስቶን ቴክሳስ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ማለት ሓሙስ ጥቅምቲ 3ተ, 2013 ኣብ ላምፐዱሳ ኢጣልያ ናይ ዘጋጠመ ሓደጋ ጃልባ ሂወት ኣማኢት ኤርትራውያንን ኣፍሪቃውያንን ናይ ዝቐዘፈ ዝስካሕክሕ ሓደጋ ኣመልኪቱ ነዚ ዝስዕብ ውሳነታትን ለበዋታትን ኣመሓላሊፉ።

ንሕና ኤርትራውያን ነበርቲ ሂውስቶንን ከባቢኣን ንዝኽሪ ሂወት ኣማኢት ኤርትራውያንን ኣፍሪቃውያንን ናይ ዝቐዘፈ ዘስካሕክሕ ሓደጋ ጃልባ ላምፐዱሳ ኢጣልያ ዓሚቕ ሓዘንና ኣብ ምግላጽን፡ ሽምዓ ብምብራህ ናይ ሕልና ዝኽሪን ምጽንናዕን ኣብ እንገብረሉ ዘሎና ኣጋጣሚ፡ ን ወለድን መቅርብን ግዳያት ጽንዓት ይሃብኩም ንብል።

ቐጺልና ማሕበረኮምና ነዚ ኣብ ዜጋታትና ዝወረደ ዘስካሕክሕ ሓደጋ ጃልባን ካልእ ምስኡ ዝዛመዱ ዝተፈላለዩ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ክጋጥም ዝጸንሐን ገና ዝቕጽል ዘሎን ግፍዕታትን በደላትን ኣመልኪትና ነዚ ዝስዕብ ውሳነታትን ለበዋታትን ሎሚ ሰንበት ጥቅምቲ 13ተ, 2013 ነመሓላልፍ ኣሎና።

1ይ. ነቲ ናብ ሓሙስ 3ተ ጥቅምቲ 2013 ኣብ ላምፐዱሳ ኢጣልያ ሂወት ኣማኢት ኤርትራውያን ኣፍሪቃውያንን ዝቐዘፈ ሓደጋ ጃልባ ማሕበረሰብ ዓለም ህጹጽ ቆላሕታ ክገብረሉ ንጠልብ።

2ይ. ኣብ ማያዊ ዶባት ሊብያን ኢጣልያን (Mediterranean Sea) ዝግበር ዘሎ ዘይሕጋዊን ዘይንቡርን ስግረ-ዶብ ብቕጽበት ደው ክብል ንላትት።

3ይ. ዓመጽትን ስሩዓትን ዘይሕጋዊያን ነጋዶ ስግረ ዶብ ቅጽበታዊን ሕጋዊን ስጉምቲ ክውሰደሎም ንጽውዕ።

4ይ. ዝምልከተን ሃገራት ብፍላይ ከኣ ኢጣልያን ሊብያን ን ማያዊ ዶባተን ጽኑዕ ምክትታል ክገብራሉ ንላበው።

5ይ. ነቲ ውሕስነት ዘይብሉ ዘይሕጋዊ ናብ ሞትን ሓደጋን ዘቃልዕ ዘሎ ብጀላብ ዝግበር ምስግጋር ንኹንን።

6ይ, ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ግዳይ ሓደጋ ናይ ዝኾኑ ዜጋታትና ሬሳታት ናብ ዓዲ (ኤርትራ) ዝላከሉ መንገዲ ኣብ ምቅልጣፍ ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ነመስግንን ንድግፍን።

7ይ, ኣብ ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜናን መርበብ ህዝባዊ ሓበሬታን (public media, social media) ዝንዛሕ ዘሎ መስርሕ ምቅልጣፍ ሬሳ ግዳያት ናብ ኤርትራ ንምልኣኽ ን መንግስቲ ኤርትራ ጸቅጢ ንምግባር፡ ህዝቢ ዝዳናግሩሉ ዘለዊ ሜላታት ንኹንኖን ብትሪ ንቃወሞን።

8ይ, ካብ ግዳይ ሓደጋ ጃልባ ላምተዱሳ ናይ ዝድሓኑ ኤርትራውያንን ካልኦት ዘጋታትን ማሕበረሰብ ዓለም ቁልጡፍ ቆላሕታ ክገብረሎም ንጽውዕ።

9ይ, ሓደ ላዕለዋይ ኮምሽነር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንጉዳይ ሓደጋ ጃልባ ላምፐዱሳን ካልእ ዝተፈላለዩ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ሰባት ክግበር ዝጸንሐን ዘሎን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል (human trafficking) ከምኡ'ውን ነቲ ኣይ ሰላም ኣይኩና ጀሆ ተታሒዙ ዘሉ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣመልኪቱ ዝሃቦ ቃል ሪኢይቶ ንድግፍ።

10ይ, ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን ንኸምዚ ዓይነት ተመሳሳሊ ሓደጋ ከይድገም ክነቅሑሉን ነንመቅርቦም ድማ ኣብ ከምዚ ዓይነት ዘይሕጋዊን ዘውሑስን ስጉምቲ ከይወስዱ ምኽሪን ማዕዳን ክህቡ ንላበው።

የቐንየልና!!

ሰንበት 13ተ ጥቅምቲ 2013

ማሕበረኮም ኤርትራውያን

ሂውስቶን ቴክሳስ